# ስልጣኔና ኢዩ መድሕና

ክቡራት ኤርትራውያን ብቐዳምነት ሰላም ብምቕጻል ሓደ ህዝቢ እንታይነቱ ፈሊጡ ንመንነቱ፡ ሕሉፍ ታሪኹን ኣመጻጽኡን ፈሊጡ ካኣ ንታሪኹ ዝቃለስ እንተደኣ ኮይኑ ኣይጠፍእን ኢዩ፡ እቶም ንሓደ ህዝቢ ክጥፍእዎ ዝደልዩ ካኣ መን ኢዩ ዘይትብሎ መንነት ዘይብሉ ህዝቢ ጥፉእ ስለ ዝኾነ፡ ከምዚ ናትና ብቐዳምነት ንመንነቱን ታሪኹን ኣብ ምጥፋእ ኢዮም ዝጋዋየዩ። ስለ'ዚ ብቐዳምንት መንነትና ኣብ ዝነበሮ መሊስና መን ምዃንና ክንፍለጥ ስለ ዘለና፡ ንኹሉ እቲ ዝጠፍኣና ከነምልስ እንታይ ኢዩ እቲ ጠፊኡና ዘሎ ምፍላጥ ኣገዳስነት ኣለዎ፡ ደቂ ሰብ ኣብ ዓለም፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ከምዚ ናትና ዝመስልን ካብኡ ዝገድድን ምስ ኣጋጠሞም ብቓልሶም ነቲ ኣብ ጉዕዞ ዝጠፍኤ ታሪኾምን እንታይነቶምን ዘዛናብል ኩነታት ኣብ ንቡር መሊሶም ኢዮም ናብ ምዕባሌ ተበጊሶም።

ንኣና ካኣ ተኻታተልቲ ገዛእቲ ባህልና ከብርሱን ከዳኽሙዎን ንነዊሕ ስለ ዝጸንሑ፡ ዝነበረ ባህልናን ስልጣኔናን ክዳኽምን ናብ ምብራስ ገጹ ክኸይድን ጸኒሑ ኢዩ፡ ብሓቂ እቲ መሰረት ባህልናን ልምድናን ዝነበረና ስልጣኔን ክፍለጥ እንተደኣ ተደልዩ፡ ንሕና ኤርትራውያን ኣብቲ ዝሓለፈ እዋናት ዝነበረ ትሑት ደረጃ ምዕባለ ስልጡናትን ምዕቡልትን ኢና ኔርና፡ ግን እቲ ዝነበረና ምዕባሌ ክንዲ ዝቕጽል ወይ ዝዓቢ ክድቀስ ጸኒሑ ኢዩ። ዓለም ናብ ዝልዓለ ደረጃ ምዕባለ ክትሰግር ከላ ማለት ተክኖሎጂ ኣብ ዝተኣታተወሉ ጊዜ፡ እቶም ቀዲሞምና ምስቲ ብዓለም ደረጃ ኣብ ዝልዓለ በጺሑ ዝነበረ ስልጣኔ ናይ ተክኖሎጂን ካልእን ተማዓራርዮምን ማዕቢሎምን ጸኒሖም ክገዝኡና ዝመጹ ገዛእቲ፡ ናብ ምዕብልና ከምዘይንስግርን ኣገልገልቶም ጥራይ ከም ንኸውንን ጌሮም ስለ ዝሓዙና፡ ካብ ድራርካ ምምእራር ዝሓለፈ ምብልሓትን፡ ካልእ ምህዞ ከይንገብርን ከይንምዕብልን እሞ ኣብ ኩሉ እቲ ዓለም ዝበጽሖ ንምብጻሕ ከይንመጣጠር በቶም ገዛእቲ ተዓጊትና ኔርና ኢና፡ ማለት ካብ ምዕቡል ኣታሓሳስባን ናይ ተክኖሎጂ ስልጣኔን ብስንኪ እቲ ሕማቕ ኣታሓሕዛ ባዕዳውያን ገዛእቲ ንነዊሕ በኺርና ጸኒሕና ኢና።

እቲ ዝጸንሓና ሕግታት እንዳባ ፍረ ምዕባለ ናይቲ ዝነበረ ስልጣኔና ኢዩ፡ እተን ኩለን ክፍላተ ሃገራት ኤርትራ በበቲ ዝነበረን ሕግታት እናተማሓደራ ተኸባቢረን ብራእሲታተንን ከንተብተንን ክካየዳ ኢየን ንባዕዳውያን ገዛእቲ ጸኒሐኖኦም፡ በዚ ኢዮም ካኣ ካብቲ ዝነበረ ስልጣኔ ስለ ዝፈርሁ እቲ ዝልዓለ ትምህርቲ ክንምሃር ፍቓዶም ዘይኮነ፡ እዚ ማለት ካኣ እንተደኣ ፈሊጥና እሞ እንታይነቶም ኣለሊና ንኽንገዝኡና ከም ዘጸግሞም ስለ እተረድኡ ኢዩ።

ምዕባሌ ስለ ዝሓሰብካዮ ወይ ገለ ብዛዕብኡ ስለ ዘንበብካን ምሉእ ብምሉእ ዝጥረ ኣይኮነን ከምኡ እንተዝኸውን እሞ ካኣ እቲ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልስና ምስ ተጀመረ እቲ ኩሉ ኣብ ሞንጎ ዘጋጠመ ገልጠምጠም ከምቲ ናይ ኣቦታትና ብልቦና ትኣልዩ ካብቲ ኩሉ ክወርደ ዝጸንሐን ጌና ውን ዝወርደና ዘሎን ኣንጻር ኩሉ ድልየታትና ዝኾነ ሽግራት ድሒንና ምሃለና ማለት'ዩ ምኽንያቱ እቲ ብረታዊ ቃልስና ብዙሓት ዘንበቡን፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዝበጽሑን ተሳቲፎምዎ ኔሮም ኢዮም፡ እንተኾነ እቲ ዝነበረና ስልጣኔን ምዕቡል ባህልን ናይ ኣቦታትና ስለዘይሓዙ ንነገራት ብጥንቃቐ ሒዞም እቲ ኩሉ ዝደልዮ ከምጽኡ ኣይክኣሉን። ስለ'ዚ እቲ ዝነበረካን ካብ ኣቦታትካ ዝወረስካዮ ስልጣኔ ከም መሰረት እንተዘይሒዝካዮ ጥራይ ኢዩ፡ ናብ ምዕባሌ ክሰጋገረካ ዝኽእል ኣምበር፡ ገለ ስለ ዘንበብካን ገለ ስለ ዝሰማዕካን ነቲ ዝጸንሓካ ምዕቡል ኣታሓሳስባን ስልጣኔን ከምቲ ዝግባእ ጌርካ ብቐሊሉ እትውንኖን ንቕድሚት ከተሰጉሞ እትኽእልን ኣይኮነን፡ እንታይ ድኣስ ካብ ጊዜ ብዝሓት ብተሞክሮ ዝውህለልን ናይ ኣብ ጉዕዞ ዘጋጥሙኻ ሽግራት ኣብ ምፍታሕ እተጥርዮን ኢዩ፡ ካብኡ ሓሊፉ ካብኡ ተማሂርካ ኣብ መጻኢ ካልእ ሽግር ከየጋጥመካ ንምክልኻል ስለ ዝሕግዝ ናይ ልቦና መሳርያ ኢዩ።

ስለ ዝኾነ እቲ ብብስለትን ተሞክሮን እናተዋህለለ ተጠርዩ ክናብረና ዝጸንሐ ልቦናን ኣፍልጠን ኣቦታትና ስለ ዘጥፋእና፡ ከምቲ ገዛእትና ንኽይንምሓየሽ ዝተጣበቡዎ ኮይኑሎም ከይተማሓየሽና ንነብር ኣለና፡ በዚ እቶም ባዕዳውያን ገዛእትና ብዝተፈላለየ ሜላ ካብ ንዝጸንሓና ጽቡቕ ነገራት ከነማዕብል ይኹን ካልእ ክንምሃር ከምዘይንኽእል ጌሮም ዓጊቶምና ጸኒሖም ኢዮም። ንኣብነት ገዛእትና ጥልያን እዞም ህዝቢ እዚኦም ሓያላት ኢዮም ናቶም ምዕቡል ሕጊ ኣለዎም፡ ዝልዓለ ትምህርቲ ክውሃቦም የብሉን ኢሎም ወሲኖም፡ ብኸምዚ ካኣ ንዳርጋ ስሳ ዓመት ክገዝኡና ከለው ካብ ራብዓይ ክፍሊ ንላዕሊ ክንምሃር ከምዘይብልና ከም ንኸውን ብምግባር፡ ካብ ምኣዲ ትምህርቲ ዓጊቶም መገዲ ምዕብልና ሓጺሮም ሒዞምና ጸኒሖም እዮም፡ ጌና ውን እቲ ጸገም እናተደራረበና ስለዝመጸ ክንምዕብል ኣይክኣልናን፡ ስለዝኾነ ካኣ እቲ ብገዛእ ናይ ህዝብና መሰዋእቲ ዘምጻእናዮ ነጻነት ብላሽ ኮይኑ ኣብ ክንዲ ንኽብረሉ ኣብ ትሕቲ ዘስካሕክሕ ምልኪ ንነብረሉን ንሳቐየሉን ተውሳኺ ካብ ናይ ኩሉ ጊዜ ዝኸፍኤን ሽግር ኮይኑና ኣሎ።

እንግሊዛውያን ካኣ ኣብተን ዝጸንሑለን ዓመታት፡ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ትምህርቲ ከፊቶም ከም ንምሃር እኳ እንተገበሩ፡ በተን ዘምሃሩና ውሑዳት ፍልጦት ተጠቒምና ከም ንነብር ዘይኮነስ፡ ኣብ ጭቕጭቕ ኣቲና ከይተሳማማዕና ምእንቲ ክንነብር፡ ዓቕምና ዘይጸረ ፖለቲካ ኣታኣታትዮም፡ ንዘንትእለት ከምዘይንቸስን ጌሮም፡ ከም መፋተዊ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ቆሪኖም ገዲፎምና፡ እንግሊዛውያን ድሓንና እንተዝደልዩ ግን ከምተን ኩለን፡ ኣብቲ እዋን እቲ ነጻነተን ዝረኸባ ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ነጻነትና ባሪኾም ክገድፉና ምኸኣሉ። እቲ ፖለቲካ ምስ ኣታኣታተው ሓንቲ ብሮ እንግሊዝ ዝብል መጸውዒ ዘለዋ፡ ንዓሰርተ ዓምት ኣብ ትሕቲ መጉዚትነት እንግሊ. ንጽናሕ እሞ ንጻነትና ክንረክብ ትብል ኢያ ኔራ ግን ኣይማዕበለትን ሽዑ ንሽዑ ናብ ኤርትራ ንኤርትራውያን ተቕይራ፡ እቶም ናይ ኢትዮጵያ ወለዶ ዘለዎም ብምሉኦም ዝወሰኹ ወሲኾም ሆ-ስለ ዝበሉ ድማ ክትዕወት ኣይክኣለትን፡ እቲ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ዝብል ኣንጻር ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ መስመር ጊዚያዊ ዓወት ኣመዝጊቡ፡ መሰረት ናይቲ ኩሉ ጥፋኣትና ዝኾነ ናይ ሰላሳ ዓመት ውግእ ኮይኑ፡ እቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዝቐመሉ ግዜ ድማ ይግረምኩም ሓደ ደጃይች ኣርኣያ ዋሴ ዝብሃሉ ጭው ዝበሉ ኢትዮጵያ ጎንደሬ ሓደ ካብቶም ሽዱስተ ሚኒስተራት ናይ ኤርትራ ኔሮም፡ ብሓጺሩ ክልቲኡ ጊዜ ማለት ኣብ ፌደረሽንን ኣብ ናይ ሎሚን ህዝቢ ኤርትራ ነጻነቱ ተሰሪቑ እዩ።

እዚ ብዙሕ ኣብ ትንታኔ ከይኣተኹ ዝተንክፈልኩም ዘለኹ ታሪኽ፡ እቲ ዘይምንማዕና በቶም ድሕነትና ዘይደልዩ ባዕዳውያን ግዛእቲ ዝተጸፍየን፡ ባህርያዊ ዘይኮነን መሰረታዊ ትሕዝቶን ስንክን ስለዘለዎ፡ ከመይ ኢልና ንኹልና ዘርብሕን ክጠቅም ዝኽእልን፡ ምዕቡል ኣታሓ ሳስባ ንሰግር ኣብ ዝብል ኣቲና፡ ክንሓስብን ሽግርና ንምፍታሕ ዝኽእል ጥበብ ክንባላሓትን ከም ዘለና ክንርዳእን ስለኡ ብሓባር ክንሰርሕን ንምባል እዩ። ደቂ ሰብ ክሳዕ ዝስልጥኑን ኣስፌሓም ዝሓስቡን ኢዮም፡ ብዝጠቕምን ዘይጠቕምን ዝሳሓሓቡ፡ ምስ ማዕበሉ ግን ነቲ ዘሳሓሕቦም ብዘተ እናፈትሑ ንኻልእ ኣብ ጉዕዞ እቲ ዘጋጠመ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ዝሰርሑሉ ዘለው ጊዜ ዝምዕብል ዓንቃፊ ነገራት ንድሕሪት ንኽይመልሰዕም'ውን እናተኸላኸሉ ኣብ ናይ ሓቂ ስምምዕ ከም ዝበጽሑ እናገበሩ ኢዮም ናብ ምዕብልናኦም ሰጊሮም ብሕጊ ዝነብሩ ዘለው፡ ንሕና ካኣ ሎሚ ካብ ተሞክሮና ተማሂርና ብተመዲቡ ዘሎ ብሃገራዊ ዋዕላ ክንዲ ንሕጎስ እሞ ንህዝቢ እቲ ካብ ነዊሕ እተጸበኻዮ እነሀ ኣብኡ በጺሕና እሞ ንዓ ዘቲ ኣብ ክንዲ ምባል ካልእ ክትሰምዕ ከለኻ ዘስደምም ኢዩ።

ሕጂ'ሽ እቲ ኩሉ ዝሓለፈ ናይ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ምርረትን፡ ንነጻነት ኣብ ምድላይ ዝሓለፍናዮ ዝመረረ ኩነታትን፡ እዚ ሕጂ ሰኣን ስምምዕ ኣብ ትሕቲ ሓደ ውልቀ መላኺ እናተቐጥቀጥና ካብ ኩሉ ዝመረረ መዋእል እናሕለፍና ዘይተማሃርና ድኣ ማኣስ ክንምሃር ኢና። ስለ'ዚ ክቡራት ኤርትራውያን ኣሕዋተይ ኩሉ ኣዘራርባናን ኣሰራርሓናን ፍታሕ ንምድህሳስ ዝዓለመን ጭቕጭቕ በዚሒ ጊዜ ድማ ነዊሒ ሎምስ ንዘተ ዳኣ ንዑ፡ ጥራይ ዳኣ ይኹን ጭሮሓና እሞ ሓቢርና ህዝብና ካብ ዘሎ ሽግር ሃገርና ድማ ካብ ውድቀት ከነድሕን ድኣ ንጋየ ኣምበር ሎሚ ካኣ ሓደን ዝሓልፍ ሓደን ዝተርፍ ምኽንሲ. መልክዕ የብሉን፡ ምኽን ድሕሪ ሕጂ ንዓማዊ ዕድል ስለዘይንህብ ዝተርፍ የለን ኣብ ኤርትራ ሕጊ ኢዩ ዝገዝእ።

ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ሓደ መስጋገሪ መንግስቲ እንበጽሓሉ መድረኽ ኢዩ ክኸውን ዘለዎ እቶም ኩሎም ኣብ ቃልሲ ዘለው ውድባትን ኣካላት ሲቪክ ሶሳይቲን ብሓደ ኮይኖም ሓደ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝቕበሎ መንግስቲ ኣብ ወጻኢ ከቑሙ ክበቕዑ ኣለዎም፡ ህዝብና ከም'ዚ ናይ ሎሚ ንጉዳዩ ባዕሉ ስለዘይሓዞ ኢዩ ጉዳይና ኣስፈሊጡ ዘሎ ኣምበር ስለ ዝሰነፍና ኣይኮነን፡ ስለ'ዚ ከምቲ ብኣፍና ስልጣን ናይ ህዝቢ ኢዩ ንብል ብልብና ንወስኽሉን ንቕበሉን።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና
በላይ መስፍን ጀርመን